ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
ፈጻሚ ሽማግለ

حزب الشعب الديمقراطي الارتري
اللجنة التنفيذية

**ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC PARTY (EPDP)**
**The Executive Committee**

## ንድፊ ውሳኔ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ብጕዳይ ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ነበርን ሰዓብታን

ማእከላይ ባይቶ ሰዲህኤ ነቲ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝተረኽበ ምዕባሌታት ብዕምቈት ድሕሪ ምጽናዕ፡ ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፡-

- ንወሳኔ ማኣከላይ ባይቶ ብተደጋጋሚ ብምንጻግ ንሕግታት ሰልፊ ብምጥሓስን፡ ብቕሉዕ ንሓድነትን ኣድማዕነትን ሰልፊ ብዝህድድ ክትንቀሳቐስ ምጽናሓ
- ንውሳኔ ማእከላይ ባይቶ ብዛዕባ ዞባ ለኸ ኮንፈረንስ ሰሜን ኣመሪካ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ብምንዕቃጻ
- ናይ ኣቦ መንበር ሰልፊ ዑደት ምኽንያታት እናፈጠረት ከተሰናኽሎ ምፍታና
- ናይ መሰረታት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ጠለብ ንህጹጽ ጉባኤ ዕሽሽ ኢላ መልሲ ከይሃበት ምሕላፋ
- ንሰልፍን ድሕነቱን ዝህድድ ምስጢራዊ ኣኼባታት፡ ሰልፊ ዘይፈልጦ ውደባን ጕስጓስን ከተካይድ ብምርካባን ብድምጺ ዝተቐድሐ ጭብጥታት ከም ዘረጋግጾ ጸረ ሰልፍን ሕጋዊ ስርርዓቱን ብምንቅስቓሳን
- ነቲ ፈጻሚ ሽማግለ ብ7-8 ግንቦት 2017 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ዝወሰኖ ጻውዒት ንህጹጽ ጕባኤ ዞባ ሰሜን ኣመሪካን ብ22 ሰነ 2017 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ዝወሰዶ ንሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ደው ዘብል ውሳኔን ብምንጻግ፡ ከም ጕጅለ ንገዛእ ርእሳ ሰሪዓ ኣብ ምንቅስቓስ ምቕጻላ።
- ካብ ሰልፊ ወጻኢ እውን ናብ ዝተፈላለየ ናይ ዜና ማዕከናት፡ ጸረ ሰልፊ ወፈራታታ ጌና ትዝርግሕን ትንቀሳቐስን ምህላዋ ኣረጋጊጹ።

8ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ፡ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቅታት ብምብጋስን ንህልዊ ኩነታት ሰልፊ ብምምዛንን

1. ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ነበር ንእተካይዶ ዘላ ኢደ ወነናዊ ምንቅስቓሳትን ተውጽኦም ዘላ መግለጺታትን፡ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ንትካላቱ ዘይምልከቱ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።
2. ነቶም ንውሳኔታት ኣብ ካልኣይ ጕባኤ እተመርጸ ሕጋዊ መሪሕነትን ንመምርሒ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ህጹጽ ጕባኤ ዞባ ሰሜን ኣመሪካን ተቐቢሎም ዝኸዱ ዘለዉ ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን'ቲ ዞባ ምስጋንኡ ገሊጹ።

3. ነቶም ከም ኣባላት ክቕጽሉን ኣብ ህጹጽ ጉባኤ ክሳተፉን ዝተዋህቦም ዕድል ከይተጠቕሙ፣ ኣብ ቀይዲ በተኻዊ ምንቅስቓስ ተዋፊሮም ዘለዉ ኣባላት ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ነበር ድማ፡ ባዕሎም ካብ ሰልፊ ዘግለሉ ባእታታት ከምዝኾኑ ብምግንዛብ፡ ዘካይድዎ ዘለዉ ቀይዲ በተኻዊ ንጥፈታት ንሰዲህኤ ዝምልከት ከምዘይኰነ ኣረጋጊጹ።
4. ኣብ ጨናፍር ሰሜን ኣመሪካ ዝርከቡ ኣባላት፡ በቲ ንህጹጽ ጉባኤ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ንምግባእ ዝካየድ ዘሎ ናይ ኣባላት ምጽራይ መስርሕን ንኣባልነት ሰልፊ ዝምልከት ዓንቀጻት ቅዋምን ክውገኑ ወሲኑ።

ፈጻሚ ሽማግለ
20 ነሓሰ 2017